# ራእይ ዮሃንስ

## 2ይ ትምህርቲ

### 1. ራእይ ዮሃንስ ብመን ተጻሒፉ?

#### 1.1. ብቐጥታን ብኣመትን ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታታት፡

እቲ ጸሓፊይ መን ምዃኑ ብግልጽንን ብኣመትን ተሓቢሩልና ኣሎ። ኣብ 1፡4ን 9ን 22፡8 ስሙ ዮሃንስ ምዃኑ ንፈልጥ። ነቶም ዝጽሕፈሎም ዘሎ ሓደ ካብኦም፡ ማለት ብእምነት ብጒይታና የሱስ ክርስቶስ ብጻዮም ምንባሩ፡ "ሓውኹም፡ ኣብቲ ኣብ የሱስ ዘሎ ጸበባን መንግስትን ትዕግስትን መማቕልትኹም" ብምባል ይእምተልና።

ኣብ 22፡9 ድማ ዮሃንስ ካብቶም ነብያት ሓደ ምዃኑ ንምልከት። እዚ ጸሓፊይ ዮሃንስ ዝስሙ፡ ኣባል ናይ ማሕበር ኣመንቲ፡ ሓደ ካብቶም ነብያት ምዃኑ ንፈልጥ። ተወሳኺ ምምርማር፡ ነቲ መልእኽትታት ሓዲስ ኪዳን፡ ንሱ እቲ ወንጌል ዮሃንስ፡ 1ይ 2ይ, 3ይ መልእኽትታት ዮሃንስ ድማ ዝጸሓፈልና፡ ሓደ ካብቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት ምንባሩ ኣብ ምፍላጥ ንበጽሕ።

#### 1.2. ብታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ተዋሂቡ ዘሎ ሓበሬታታት፡

ራእይ ዮሃንስ በቲ በዚ ስም እዚ ዝልለ ሃዋርያ፡ ሓደ ካብቶም ዓሰርተው ክልተ ከም እተጻሕፈ ድግ ዝበሉ መርትዖታት ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ኣለዉና። ንመንቀሊ፡ እቲ ጽሑፋት ናይ ሓዲስ ኪዳን ንባዕሉ ዝህበና ሓበሬታት ኣሎና። (ንምሳሌ ኣብ ቀዳማይ ድንጋግ ንመልከት)

ምስናይዚ፡ ደረስቲ፡ ድልዱላት ናይ ቀረባ መሰኻኽር ኣለዉና። ንምሳሌ፡ ፖሊካርፕ (69-155 ዓ.ም.) ካህን ናይ ስሚርና ኣብ ቱርኪ፡ ፓፒያስ (150 ዓ.ም.) ካህን ናይ ሂራፖሊስ ኣብ ቱርኪ፡ ዮስቲን (100-165 ዓ.ም.) ወንጌላዊ፡ ፍላስፋ፡ ሰማእት፡ ኣይሪንየስ (130-202 ዓ.ም.) ካህን ናይ ሊያንስ ኣብ ፈረንሳ፡ ክለመንቶስ ብዓል እስክንድርያ (150-220 ዓ.ም.) ናይ ስነ መለኮት ሊቅ ዝነበሩ ኣብቲ ጽሑፋቶም ራእዩ ዮሃንስ ብሃዋርያ ዮሃንስ ከም እተጻሕፈ ኣዳዕዲዕም እናነገሩ ነቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን ቀዳማይ ሓበሬታ የጽንዕዎ።

ኣንቶንዮ ሙራቶሪ እተባህለ ሊቅ ናይ ጥንታውያን መጻሕፍቲ ተመራማሪ፡ ራእይ ዮሃንስ፡ ብሃዋርያ ዮሃንስ ከም እተጻሕፈ ይምስክረልና።

ኣንቶንዮ ሙራቶሪ 200 ዓመት ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ኣቢሉ እተጻሕፈ ዝርዝር ናይ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ረኺቡ። ኣብኡ ራእይ ዮሃንስ ሓደ ካብቶም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ምዃኑን ብሃዋርያ ዮሃንስ ድማ ከም እተጻሕፈን ዝምስክረልና መዝገብ ረኺቡ።

#### 1.3. ረብሓ ብመን ከም እተጻሕፈ ምፍላጥ፡

ብመን ከም እተጻሕፈ ምፍላጥሲ እንታይ ረብሓ ኣለዎ? ቀዳማይ፡ ራእይ ዮሃንስ ክፍሊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ኢልና ምእማንና ካባይን ከመይን ኢሉ ከም ዝመጸ ርዱኣት ንኽውን። ሽዑ፡ ኣብ ክንዲ ብሃውርስ፡ ድልዱል ታሪኻዊ ምርዳእ ዘለዎም ኣመንቲ ኴንና ንርከብ።

ካልኣይ፡ ራእይ ዮሃንስ፡ ዝያዳ ካብ ተራ መጽሓፍሲ፡ ቀኖናዊ ምዃኑ ንፈልጥ - ማለት መለኮታውን ሃዋርያውን ምንጭን ስልጣንን ዘለዎ መጽሓፍ ምዃኑ ንግንዘብ። ነቶም ካብ ኣምላኽ ባዕሉ እተዋህቡና ጽሑፋት ካብ ካልኦት መጻሕፍቲ ፈሊና እነለልዮም፡ ብኣዘራርባ ስነ-መለኮት፡ ቀኖናውያን ዝብል መጸዋዕታ ንህቦም።

ሳልሳይ፡ ብመንን ምኣስን ከም እተጻሕፈ ምፍላጥ ካብ መደናገርትን ተጻባእትን ዝዘርእዎ ናይ ምጥምዛዝ ሓሶታት ክንሕሎ ንኽእል።

### 1.4. ሓጺር ዛንታ ሃዋርያ ዮሃንስ፣ እቲ ጸሓፋይ፡

ዮሃንስ ኣብኡ ዘብዴዎስ ኣዲኡ ድማ ሰሎሜ ይብሃሉ። ሰሎሜ ሓብቲ ማርያም ኣደ የሱስ እያ። ማቴ 10፡1-4። 27፡56። ማር 3፡13-19። 16፡1። ሉቃ 6፡12-16። ዮሃ 19፡25 ተመልከቱ።

ዮሃንስን ያእቆብ ሓዉን ካብቶም ቀዳሞት ሰዓብቲ ክርስቶስ፡ ዳሕራይ ከኣ ሃዋርያት ዝኾኑ እዮም። ያእቆብ ካብቶም ቀዳሞት እተሰየፉ ሰማእታት ወንጌል እዩ። ግብ 12፡1።

እንዳ ዘብዴዎስ ሃብታማት ዝነበሩ ይመስሉ። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ናይ ምግፋፍ ዓሳን ሰራሕተኛታትን ዝነበርዎም እዮም። ሰሎሜ ኣደ ዮሃንስን ያእቆብን ድማ ካብተን ንኣገልግሎት የሱስ ክርስቶስ ብገንዘብ ዝድግፋ ዝነበራ ሓንቲ እያ። ማር 1፡19-20። 15፡40-41። ሉቃ 8፡3።

ዮሃንስ ኩሉ ሓዲገ ሰዓቢ የሱስ ክርስቶስ፡ ወደ-መዝሙር፡ ሃዋርያ፡ ወንጌላዊ፡ ጸሓፋይ … ወዘተ፡ ኰይኑ። ክሳዕ ዝሸምግል ድማ እሙን ኰይኑ ኣገልጊሉ። ካብቲ ዘሎና ሓበሬታታት፡ ዮሃንስ ክጅምር ከሎ ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ኣቢሉ ከም ዝነበረ፡ ኣብ መንጎ 90-95 ድ.ል.ክ. ድማ ከም ዝዓረፈ ንግምት። ስለዚ፡ ኣብዛ ምድሪ፡ ካብ ሰብዓ ዓመታት ንላዕሊ ምስ ክርስቶስ ከም ዝተመላለሰን ዘገልገለን ንፈልጥ። በረኸቱ ድማ ክሳዕ ሕጂ ንኣና'ውን ከይተረፈ ይበጽሓና ኣሎ።

## 2. ራእይ ዮሃንስ ንመን እዩ ተጻሒፉ?

### 2.1. ነተን ሾብዓተ ማሕበራት ናይ እስያ፡

ከም ኩሎም ጽሑፋት ናይ ሓዲስ ኪዳን፡ ራእይ ዮሃንስ፡ ነቶም ቀዶሞት ተቐበልቲ እቲ መልእኽትን ንኹሉ ዘበናትን እዩ ተጻሒፉ። ብቐዳማይነት ራእይ ዮሃንስ ነተን ኣብ ሎሚ ቱርኪ ተባሂሉ ዝስመ ሃገር፡ ናይ ሽዑ ድማ እስያ፡ ዝነበራ ሾብዓተ ማሕበራት እዩ ተጻሒፉ። ራእይ 1፡4-5 "ዮሃንስ ነተን ኣብ እስያ ዘለዋ ሾብዓተ ማሕበራት …" ከም ዝጸሓፎ ይነግረና።

### 2.2. ንኹሉ ሰብ ናይ ኩሉ ዘበናት፡

ግናኸ እዚ መልእኽቲ እዚ ንኹሎም ሰባትን ዘበናትን ድኣ እምበር ነተን ሾብዓተ ማሕበራት ጥራይ ከም ዘይኰነ ባዕሉ እቲ መጽሓፍ ይሕብረልና እዩ። ራእይ 1፡3 "ነዚ ቓል ትንቢት ዜንብብን፡ እቶም ዚሰምዕዎን፡ ነቲ ኣብኡ ተጽሒፉ ዘሎውን ዚሕልውዎን፡" ከም እተጻሕፈ ካብ መፈለምታ ይነግረና። ነቲ መልእኽቱ ክዛዝሞ ከሎ ድማ ንኹሉ ሰብ ከም ዝጸሓፎ ደጊሙ ከምዚ ይብል፡ "ኣነ ቓላት ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ንዚሰምዑ ኹሎም እምስክረሎም ኣሎኹ፡ …" እምብኣርከስ ነቶም ሽዑ ዝነበሩን፡ ንውሉድ ወለዶን፡ ንነፍስ ወከፍናን ከም እተጻሕፈ ይሰቈረና።

በቲ ዘበን እቲ እውን እንተ ኾነ፡ እቲ መልእኽቲ ነተን ሸውዓተ ማሕበራት ተደሪቱ ዝተርፍ ኣይነበረን። ኣብነት ናይ ኣርኣያን መለበምን ንኹሉ ክኾና እየን ሸቡዓቲኣን እተመርጻ። በቲ ናይ ሽዑ ባህላዊ ኣዘራርባ ሸቡዓተ ማለት በትን በትን ንኹሉ ዝዓምም ምኻኑ ዝሕብር እዩ።

እሞ፡ ሆላትና፡ ኣምላኽ ብራእይ ዮሃንስ ክዛረበና ኣእምሮናን ልብናን ንኽፈተሉ።

## 3. ራእይ ዮሃንስ ንምጽሓፍ ምኽንያት ዝኰኑ ኩነታት ነይሮምዶ?

### 3.1. ኣምላኽ እዩ መንቀሊኡን ወሃቢኡን፡

እዚ ራእይ ዮሃንስ ዮሃንስ ብኸነታት ተደሪኹ ካብ ገዛእ ርእሱ ኣንቂዱ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ኣይኰነን። መንቀሊኡን ወሃቢኡን ኣምላኽ ባዕሉ ምኻኑ ተዳዕዲዑ ተነጊሩና ኣሎ። ራእይ 1፡1 ከምዚ ይብል፡ "ኣምላኽ ዝሃቦ ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእይ፡ ብኢድ መልኣኹ ልኢኹውን ንባርያኡ ዮሃንስ ኣርእዮ።"

ዮሃንስ፡ እቲ ግዴኡ፡ ካብ ኣምላኽ ተቐቢሉ፡ ኣብ ጽሑፍ ኣስፊሩ ምትሕልላፍ እዩ ነይሩ ። ኩላቶም እቶም መልእኽትታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ 39 ናይ ብሉይ ኪዳን፡ 27 ድማ ናይ ሓዲስ ኪዳን በዚ ኣገባብ እዚ እዮም

ተጻሒፎም። ስለዚ ድማ እዩ እቲ መጽሐፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ተባሂሉ ዝስመ።

## 3.2. <u>ንምጽሓፉ መንቀሊ ዝኾኑ ኩነታት</u>

እንተ ኾነ እውን፡ ንምጽሓፉ መንቀሊ ዝኾኑ ኩነታቶም ነይሮም። እቲ ዝነበረ መንቀሊ ኩነታት እንታይ ከም ዝነበረ ኣፋፍኖት ምህላው ድማ ነቲ መልእኽቲ ብግቡእ ንምርዳእ ይሕግዘና እዩ። እዚ ኣብቲ መጽሓፍ ተነጊሩን ተኣሚቱን ንረኽቦ። ምስቲ ናይቲ ጊዜ ዝነበረ ታሪኽ ድማ ነቋርኖ እሞ፡ ንምርዳእ እቲ መልእኽቲ ድልዱል ባይታ ይህልወና።

### <u>ሀ. ታሪኻዊ ኩነታት፡</u>

ራእይ ዮሃንስ እተጻሕፈሉ እዋን 95 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ፡ ወንጌል ምብሳር እተጀመረ ድማ ኣብ የሩሳሌም ብመዓልቲ ጰንጠቆስጠ ብ 33 ድ.ል.ክ. እዩ። ስለዚ፡ በዚ 62 ዓመታት ወንጌል ኣበርቲዑ እዩ ተዘርጊሑ። ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ህዝቢ ዓለም ክተረኣእዮ ከሎኻ እኳ ብዝሒ ናይቶም ኣመንቲ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ነይሩ። እንተኾነ'ውን ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ኣብዚ ሎሚ ምእከላይ ምብራቕ ተባሂሉ ዝስመ፡ ኣብ ንእሽቶ እስያ (ናይ ሎሚ ቱርኪ)፡ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ዝርከባ ከተማታትን ዓድታትን ማሕበር ኣመንቲ ተመስሪቱን ኣበርቲዑ ይዓብን ምንባሩ ድማ ዝበለ ታሪኻዊ መርትዖ ዘለዎ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ከም ወንጌል ገይሩ ብምብሳር ጥራይ፡ ሓይሊ ናይ ኣጽዋር ኰነ ወይ ናይ መንግስቲ ከይተጠቕመ፡ ብሓጺር ዓመታት ሱር ዝሰደደን እተዘርግሐን ካልእ የልቦን። እቲ ወንጌል ኣብ ብዙሕ መትከላዊ ዝኾነ ነገራት፡ ብማእከላይ መርገጽ ክትሕንክስ፡ ከም ነፋሒቶ ንኽባቢኻ እናመሰልካ ክትነብር ኰነ ክትኣምን ኣይፈቅድን እዩ። ናይ ግድን ድማ ምስቲ መንግስቲ፡ ምስቲ ሕብረተ-ሰብ፡ ምስቲ ዝነበረ ስርዓታት … ናብ ዘኽተተ ምግጫው ኣምሪሑ። ነጸብራቕ ናይ እዚ ተጋጫዊ ቃልስታት ኣብቲ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ቀጻሊታት ትምህርትታን ክንርእዮ ኢና።

### <u>ለ. ተጻብኦታት ንወንጌል፡</u>

ኣብ ልዕሊ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እተሃንደደን ናብ ስቕለት ዘብጽሖን ናይ መፈለምታ ተጻብኦታት፡ ብካህናትን ብሓፋሽን ብሰበ ስልጣንን እተሳወረ፡ ኣብቲ ኣርባዕተ ወንጌላት ተዘንቲዩ ንረኽቦ። ብድሕሪኡ ኣብታ ቀዳመይቲ ማሕበር ዝወረደ ኣብ ግብሪ ሃዋርያትን ኣብቲ 22 መልእኽትታት ናይ ሓዲስ ኪዳንን ኣብ ርእይ ዮሃንስን ንረኽቦ። እዞም መጻሕፍቲ እዚኣቶም፡ ስእሊ ናይ 62 ዓመታት ገድሊ ናይ ወንጌል ይህቡና - ዓወታቱን ገድሉን።

እቲ ተጻብኦታት ዝመረረ ዝኾነሉ ድማ ብዘበን ሃጸይነት ስድራ ፍላቭዩስ፡ 69-96 ዝነገሱ፡ ብፍላይ ድማ ብዘበን ሃጸይ ዶሚታን 81-96 ዝነገሰ ነበረ። እዚ ራእይ ዮሃንስ እተጻሕፈሉ ጊዜ ይኸውን።

ምርኡያትን ሃብታማትን እውን እንተ ነበርዎም እኳ፡ እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ብብዝሒ ካብቲ ርሂጸ-በላዕን፡ ባሮትን ደርቢ ሕብረተ ሰብ እዮም ነይሮም። (ኤፌ 6፡5-9። ቈሎሴ 3፡11ን 22ን 4፡1 ፊልሞን 16–17 1ይ ጴጥ 2፡18-25 1ይ ቈረ 1፡26።

ኣብቶም ክርስትያናት እዚ ፍልልያት ደርብን ናይ ሃብትን ብዙሕ ሚዛን ኣይነበሮን። ብዙሕ ሚዛን ዝነበሮ ግና እቲ ናይ እምነት ጉዳይ ነይሩ። እቶም ክርስትያናት ነቲ ኣምልኮ ጣኦታት ኵነንቲ፡ ኣብኡ ምስታፍ ዝኣብዩ እምቢተኛታት እዮም ነይሮም።

በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ምስ ሕብረተ-ሰብን ምስ መንግስትን ይጋጨዉ ነይሮም። (ራእ 2፡13ን 20ን 9፡20 21፡8 22፡15 ተመልከት)። እዚ

ዡነታት እዚ እዩ ንምጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ ምኽንያት ዝኾነ።

## 4. መልእኽቲ ራእይ ዮሃንስ፡

እቲ ሕቶ ዝተላዕለ በቲ መንግስትን ሕብረተ-ሰብን በቶም ኣመንትን እዚ ነበረ። ቀንጣሮን ኣብ ቦቦታኡ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ክርስትያናትሲ፡ መንግስትን ሓፋሽን ህዝብና ኣንጻሮም ዝኸተተሎምሲ ኣበይ ክብጽሑ እዮም? መወዳእታኡኸ ከመይ ክኸውን እዩ? ራእይ ዮሃንስ ብታሪኻዊ መገዲ፡ ብዓይኒ ኣምላኽ ነዚ ሕቶ እዚ ዝምልስ መጽሓፍ እዩ።

**ቀጻሊ ትምህርቲ**